# *“ኤርትራ ናይ ሕልና እሱራትኪ ፍትሒ”*

## <u>ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ኣፍደገ ኤምባሲ ኤርትራ፡ ኣብ ደን-ሆኽ፡ ሆላንድ</u>

*ኣድራሻ፡*

*ናይ ኤርትራ ኤምባሲ ኣብ ሆላንድ*
***Nassauplein 13***
***2585 EB  Den Haag***

*ዝርዝር ኣድራሻን፡ ከመይ ጌርኩም ናብቲ ቦታ ክትበጽሑ ከም እትኽእሉን ኣብ <u>ታሕቲ ዘሎ ሓበሬታ ተመልከቱ።</u>*
*ኩላትና ሰዓት 13፡00 (ሰዓት ሓድ ድሕሪ ቐትሪ) ኣብቲ ኣፍደገ ኤምባሲ ኤርትራ ክንርክብ ንፈትን።*
*እቲ ሰላማዊ ሰልፊን ናይ ልዕሊ 18.000 ፈርማታት ንኢምባሲ ኤርትራ ኣብ ሀገረ ሆላንድ ናይ ምርካብን ጉዳይ፡ ካብ ክልተ ሰዓት ንላዕሊ ኣይክወስደልናን እዩ።*

*ነቶም ልዕሊ ሓሙሽተ ገሊኦም ክኣ ልዕሊ ዓሰርት ዓመት ተኣሲሮም ዘለው ኣሕዋትናን ኣሕትናን፡ ክልተ ሰዕት ንወፍየሎም።*

*<u>መዓስ?</u>*
*ዝመጽእ ዘሎ ረቡዕ፡ ዕለት 20 መስከረም* (September)
*<u>ሰዓት ክንደይ?</u>*
*ሰዓት፡ 13፡00 ልክዕ*
*<u>ኣበይ?</u>*
*ኣብ ኣፍደገ*
*ናይ ኤርትራ ኤምባሲ ኣብ ሆላንድ*
***Nassauplein 13***
***2585 EB  Den Haag***

ዝርዝር ሓበሬታ ከምይ ጌርኩም ናብቲ ቦታ ከምእትመጹ ኣብ መጨረሽታ ናይዚ መልእኽቲ ይርከብ።

ብድሓን ምጹ።

ክቡራት ኤርትራውያን፣
ሀገርና ኤርትራ፡ እቲ ሳላ ጸሎት ወለዲን፡ ክቡር መስዋእትን ዝመጸ ናጽነታ ካብ እትጎናጸፍ፡ እነሆ 15 ዓመት (ብወግዒ 12 ዓመት) ሓሊፉ። እቲ ድልየት ስውኣትናን ህዝብናን፡ ግን ናይ ወረቐት ነጻንት ጥራሕ ኣይኮነን ዝነበረ።
እቲ ሕልሞምን ዝገደፍዎ ሕድርን፡ ኣብ ኤርትራ ንተዓዛቢ ዘቕንእ፡ ንፈታው ዘሐጉስ “<u>ፍትሒን ግዝኣተ-ሕግን ዝሰፈኖ ዴሞክራሲ”</u> ተተኺሉ፤ ተጋደልትናን ወለድናን እፎይ ኢሎም ዝዓርፉሉ መሪሕነት ኤርትራ ንኽትምስረት እዩ ነሩ።

ግዝኣት ህግደፍን፡ መሪሕነት ኢሰያስ ኣፍወርቕን፡ ግን ነዚ ቕዱስ ድልየት ህዝብናን ሕድሪ ስውኣትናን ጨውዮም፡ ንህዝብና ኣደዳ ግዝኣትን፡ ስቕያትን

ስደትን፡ ሞትን ጌሮሞ ይርከቡ። ነዚ ሓቒ እዚ ዝኽሕዱ ኸኣ እቶም ጭፍራ ኢሰያስን ሰዓብቶምን እንተዘይኮይኖም፣ እቲ ዝበዝሐ ሕዝብናን ሕዝቢ ዓለምንሲ ትንኹልናን ክፍኣት ስልጣን ኢሰይስ ኣፍወርቂ በሪሁሉ እዩ።

እቲ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዘሎ ሕዝብና ፍኒሕኒሕ ዝብለሉ ባይታ ስለዘይብሉ እዩ እምበር፣ ዕድል እንትዝረክብሲ ዛጊት ዴሞክራስያዊ መንግስቲ ምተኸለ።

ንሕና’ ኸ እቶም ኣብ ፍትሒ ዝሰፈነን ሃገራት እንርከብ ኤርትራውያን ከ እንታይ ንገብር ኣሎና?
መታን ግዝያዊ ጥቕምና ከይተርፈና (ኤርትራ በጺሕካ ምምጻእ፡ ዘይትሰፍሮ ገዛ ምስራሕ፡ ውዳሳ ጨፍጨፍቲ ህዝብኻ ምቕባል... ወዘተረፈ) ፈሊጥና ከምዘይፈለጥና፣ ሰሚዕና ከምዘይሰማዕና፣ ርኢና ከምዘይርኣና፣ ኮይንና ዲና ክንመላለስሲ፡ “ያእ ኣይፋልን፡ ዓገብ፡ ስቕያት ህዝብና ይኣክል” ኢና ክንብል?

ደኾ ትሽዓተ-ወርሒ ከማና ኣብ ርእስና ኮይኖም ሽይ ሽይ ክብሉ፡ ስጋብ መዓስ ኢና ብፍርሒ ተሸቚሪርና፡ መርገጽ እግሮም ኮይንና ክንከይድ? እታ ሃገር ሃገርና እያ። እቲ ህዝቢ ህዝብና እዩ። “ኣንታ ንስኻትኩም ኢኹም ኣብ ሃገራት ነጻነትን ሓርነትን ዘለኹም፤ ንስኻትኩም ግዳ ኡይ ዘይትብሉልና” ይብሉና ኣለው!

ንዑ መታን ንሕሊናናን፡ ንሕድሪ ስውኣትናን፡ ንኣቤቱታ ሕዝብናን ኢልና፡ ድምጽና ነስምዕ። ይኣክል ንበል።

ኣብ ኤርትራ ማእሰርቲ ሓሙሽተ ዓመት ይገብር ኣይኮነን ጀሚሩ። ይኹን እምበር ሓሙሽተ ዓመት ይገብር እቲ ክፍኣት ስልጣን ኢሰያስ ኣፍወርቂ ብዝጎልሐ መገዲ ንሕዝቢ ኤርትራን ንሕዝቢ ዓለምን በሪሁሉ። ነቶም ብ “ጉጅለ 11” ዝፍለጡ ተጋደልቲ ነበር ሰበስልጣን፡ ኣብ ኤርትራ ግዝኣተ ሕጊ ዝእዘዝ፡ ንሕዝቢ ፍትሒ ዘውጽእ ስልጣን ክትከል ኣለዎ ስለዝበሉ፡ ሕንኽ ከይበለ ንኹሎም ብጃምላ ዝኣሰረሉ እዋን እዩ።
ንዕኦም ጥራሕ ዘይኮነ፡ ነቶም ገለ 15 ዝኾኑ ጋዜጠኛታት እውን ኣሲርዎምን ነተን ናይ ዜና ማዕኸንትውን ዓጺወን። ኤርትራ እታ ዝዓበየት ቤት ማእሰርቲ ኣብ ኣፍሪቓ ተባሂላ ካብ ትጽዋዕ እነሆ ሓሙሽተ ዓመት ኮይኑ።
መላኺ ኢሰያስ ኣፍወርቂ፡ ነቲ ናይ 11 መስከረም ኣብ ልዕሊ ኣመሪካ ዝተፈጸመ ሽበራ ኣሳቢቡ፡ ንኤርትራ ኣደዳ ማእሰርትን ስቕያትን ካብ ዝገብራ እነሆ፡ ሓሙሽተ ዓመት ሓሊፉ። ዝተፈላለዩ ምእመናንን ካህናትን ብጃምላ ተሓይሮም። እቶም ዝለዓሉ ናይ ተዋህዶ ሃይማኖት ጳጳስ እውን ከይተረፈ ተደፊሮም፡ ካብ ስልጣኖም ወሪዶም፡ ኣብ ሰብ ዘይፈልጦ ቦታ ተኣሲሮም ይርከቡ። ወለዲ ደቆም ስኢኖም ከይኣክል፡ ደቕኹም ኣጥፊእኩም ተባሂሎም ክእሰሩን፡ ገዝኦም ክሕረኽርን፡ ዕዳ ክኸፍሉን ክሳቐዩን የሕልፍዎ ኣለው። ንሕና ኸ እንታይ ንብል? እምበርዶ ሕሊና ኸ ኣለናዩ?

ኢሰያስን ሰዓብቱን ከኣ፡ ንዑ ረስዕዎም፡ ከነጣቓዓልኩም ሳዕስዑ፤ ዊስኪ ክንቖድሓልኩም ስኸሩ፤ ኤርትራ ተዛዊርኩም ተሓጎሱ ይብሉና ኣለው።

ንሕና ከኣ፣ ከመይ ጌርን እሞ ክንስዕስዕ፡ ሕዝብን እናበኸየ? ኸመይ ኢልና እሞ ዊስኪ ክንሰቲ፡ መንእሰያትና ኣብ መገዲ-ስደት ብጽምኢ እናሞቱ? ከመይ ጌርና

**እሞ ክንርስዖም፡ ደቒምን ኣንስቶምን፡ ኣበይ ኣለው ጀጋኑኹም እናበሉና? ኣንታ ካን ዲኹም ክትርስዕዎም፡ ክምዘይነበሩ?**

**ኣይንርስዖምን፡ ኣምላኽ መታን ከይርስዓና።**

**ንዕኦም ንምዝካር፡ ንምላካዊ ስልጣን ኢሰያስ ንምምካት**

**ንረቡዕ ዕለት** 20 **መስከረም** (September) **ሰዓት** 13፡00**፡ ኣብ ኣፍ ደገ ኤምባሲ ኤርትራ ዴን ሀኽ፡ ሰላማዊ ሰልፊ ክግበር እዩ። እዚ ሰላማዊ ሰልፊ ብቕጥዒን ጽፈትን ክግበር እዩ።**

<u>**ኤርትራ ንናይ ሕልና እሱራትኪ ፍትሒ ብዝብል ጎስጓስ ዝተኣከበ ልዕሊ** 18.000</u> **ዝኸውን ፌርማታት ንኣምባሳድር ኤርትራ ኣብ ሆላንድ፡ ኣቶ ሞሓመድ ሱለይማን ክወሃብ እዩ። እቶም ነዚ ፌርማታትን ኣቤቱታን ዘቕርቡ፡ ኣባላት ኣምንስቲ ኢንተርናትሽናል ሆላንድ፡ ኣባላት ፓርላማ ሆላንድን፡ ኣባላት መሰል ወዲሰብ ተጣበቕትን እዮም።**

**ኣድራሻ፡** **Nassauplein 13**<br>**2585 EB  Den Haag**

**ሰዓት፡** 13፡00 **ልክዕ**

**መዓስ?**
***ዝመጽእ ዘሎ ረቡዕ፡ ዕለት 20 መስከረም*** (September)

**ብድሓን ምጹ።**
**ኣዳለውቲ።**
**ኣምንስቲይ ኢንተርናሽናል ሆላንድ ብምድዋል ሓበሬታ ክትረኽቡ ይከኣል።**

**ዝርዝር ኣድራሻን፡ ከመይ ጌርኩም ናብቲ ቦታ ክትበጽሑ ከም እትኽእሉን ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሓበሬታ ተመልከቱ።**

**ብደሓን ምጹ።**

Nassauplein 13
2585 EB  Den Haag




Bereikbaar via de A12 (Utrechtsebaan) - afslag Scheveningen - Zeehaven en vervolgens aan het einde van de afslag linksaf (Zuid Hollandlaan / Centrumring)




Ook bereikbaar met het openbaar vervoer (Haagse Tramweg Maatschappij)
Vanaf NS station Den Haag Centraal met buslijnen 5 en 22 (halte Nassauplein)
en vanaf Den Haag Holland Spoor met de tramlijnen 17 en 8 (halte Javastraat).

Tevens bereikbaar met buslijn 13 (halte Nassauplein).

**“ኤርትራ ናይ ሕልና እሱራትኪ ፍትሒ”**